# ቅዱስ መጽሓፍ

ኣስመሮም ሙሴ

## 1. መሰረታዊ ስም ቅዱስ መጽሓፍ

- ግሪኽ፡ ቶን ቢብሎን (እቲ መጽሓፍ) ... ታ ቢብልያ ( እቶም መጻሕፍቲ)፡ ቀጺሉ ድማ Die Bibel (ጀርመን)፤ Le Bible (ፈረንስ)፡ La Bibbia (ጥልያን)፡ The Bible (እንግሊዝ) መጸ።
- ላቲን፡ Scriptura ካብ ግራፊ ወይ ግራፎ ዝብል ግሪኽ ዝተተርጎመ ኢዩ። ሎሚ'ውን ኣብ ምዕራብ Scripture, scrittura ዝብል ስም ቀጺሉ ኣሎ።
- ዕብራይስጢ፡ ታናክ ካብ ተ.ነ.ከ 3 ክፍልታት ቅዱስ መጽሓፍ ኣይሁድ ወይ ብሉይ ኪዳን ዝመጸ ኮይኑ ንረኽቦ። ተ = ቶራሕ (ሕጊ ኢዩ። ኦሪት ዘፍጥረት፡ ኦሪት ዘጸኣት፡ ኦሪት ዘሌዋውያን፡ ኦሪት ዘሁልቁ፡ ኦሪት ዘዳግም ዝሓቖፈ ኢዩ)፡ ነ = ነቢኦም (ነብያት)፡ ከ = ከቱቢም (ክታብ፡ ጽሑፋት ታሪኽን ጥበብን)።
- ግዕዝን ትግርኛን፡ ቅዱስ መጽሓፍ፤ ቅዱሳት ጽሑፋት፡ መጽሓፍተ ኦሪት፡ መጻሕፍተ ነገሥት፡ መጻሕፍተ ነብያት፡ መጻሕፍተ ጥበብ፡ መጻሕፍተ ሓድሽ፡ ወንጌላውያን፡ መልእኽትታት ሓዋርያት ... ወዘተ።
- ቅዱስ መጽሓፍ ... መጽሓፍ ቅዱስ፡ ዝኾነ ጸገም ኣየምጽእን ኢዩ፤ ሰዋስው ትግርኛ ኢዩ፡ ንኣብነት ቤት ክርስትያን ... ክርስትያን ቤት፡ ቤት ትምህርቲ ... ትምህርቲ ቤት። ሰዋስው ጥራሕ ኢዩ ፍልልዩ።

## 2. መኣስ ተጻሕፈ

- ትውፊት እስራኤል ካብ 1000 ቅ.ል.ክ ኣብ ጽሑፍ ክሰፍር ጀመረ። ብሉይ ኪዳን ካብ'ዚ ጽሑፍ ትውፊት ይቦቕል፡ ምእራምን ምቕዳሕን ክሳብ ግዜ ሓዲሽ ኪዳን ቐጸለ።
- ድሕሪ ዕርገትን ምጅማር ተልእኾ ሓዋርያትን ኣብ ከባቢ 50 ዓ.ም (ድ.ል.ክ) ጽሑፋት ሓድሽ ኪዳን ጀመረ። መጻሕፍቲ ሓድሽ ኪዳን ከኣ ብግምት ኣብ 125 ዓ.ም (ድ.ል.ክ) ኣቢሉ ተጻሕፈ።
- ኣብ ሃገራት እስራኤል፡ ጳሊስጢንያ፡ ሶርያ፡ ባቢሎን፡ ግብጺ፡ ደቡብ ምዕራብ ኤስያ፡ ደቡብ ምብራቕ ኤውሮጳን ሮማን ... ወዘተ ተጻሕፈ።

## 3. በየናይ ቋንቋ ተጻሕፈ

- ብዕብራይስጢ (ቋንቋ እስራኤላውያን)፡ ማስራውያን ጽሑፍ ... ሣምራውያን መጽሓፈ ኦሪት ብራናታት ኣሎ።
- ግሪኽ (መግዛእቲ ግሪኽ ካብ 323 ቅ.ል.ክ)፡ ግሪኽ ትርጉም መጽሓፈ 70 ወይ 72 (Septuagint) ኣይሁዳውያን ሊቓውንቲ ዝተተርጎሙ ኢዮም፡ ተወሳኺ መጽሓፍቲ ጽሒፎም።
- ኣራማይስጢ፡ ኢየሱስ፡ ዝተዛረቦን ዝመሃረሉን ቋንቋ ኢዩ ፡ ዝተተርጎሙ ክፍልታት ብሉይ ኪዳን ተወሳኺቲ'ውን ኣለው። ንኣብነት፡ "ኤፋታ" ማለት "ተኸፈት" (ማሪ፡ 7፡34)፡ "ማራ ናታ" ማለት "ኦ ጎይታ ናዓ" (1ቆሮ፡ 16፡22)

## 4. ብመን ተጻሕፈ

- ጸሓፍቲ ቅዱስ መጽሓፍ ሰባት ኢዮም፡ ኣምላኽ መንፈስ ቅዱስ ዘተንፈሰሎም ሰባት ኢዮም ጽሒፎሞ፡፡
- ሓሙሽተ መጽሓፍቲ ኦሪት ... ብሙሴ
- መጻሕፍቲ ጥበብ ... በዳዊትን ሰለሞንን
- መጻሕፍቲ ነብያት ... ብነብያት
- 13 መልእኽትታት ... ብቅዱስ ጳውሎስ
- ወንጌል ... ብ 4 ወንጌላውያን
- ግብረ ሃዋርያት .... ብሉቃስ ወንጌላዊ
- ዕብራውያን .. ብካልኦት ስሞም ዘይተፈልጠ

## 5. ኣብ ምንታይ ተጻሒፈ

- ዕንጸይቲ፡ ቀጸላ ሓጺን፡ እምኒ፡ ኣቘጽልት፡ቆርበት
- ጸኒሑ ከኣ ... ፓፒሩስ፡ ፓርችመንት፡ ወረቀት፡ ማሕተም፤ ድጅታል

## 6. ኣብነት ዝኾኑና ውሩያት ብራናታት ቅዱስ መጽሓፍ

- ናይ ሲናይ ኮዴክስ (340 ዓ.ም.ድ) ... ምሉእ ሓዲሽ ኪዳን
- ናይ ባቲካን ኮዴክስ (350 ዓ.ም.ድ) ... ኣብ ግብጺ ዝተጻሕፈ፡ ብሉይን ክፋል ሓድሽ ክዳንን ዝሓዘ
- ናይ እስክንድርያ ኮዴክስ (450 ዓ.ም.ድ) ... ምሉእ ቅዱስ መጽሓፍ ብዘይካ ውሑዳት ክፋላት ዘለዎ ኢዩ
- ኤፍረማዊ ቅዳሕ(450 ዓ.ም.ድ) ... ኣርባዕተ ወንጌላውያን
- ካልኦት'ውን ኣለው

## 7. ትምህርቲ፡ መጽናዕቲ፡ ምንባብ ቅዱስ መጽሓፍ እንታይ ኢዩ ዕላማኡ

- ቅዱስ ሄረኒሞስ/ጀሮም፡ "ንቅዱስ መጽሓፍ ዘይምንባብ ንክርስቶስ ዘይምፍላጥ ኢዩ" (ሊቅ ቅዱስ መጽሕፍ 4 ኪ.ዘ)።
- ቅዱስ ጳውሎስ፡ "እወ! ምእንቲ እቲ መዘና ዘይብሉ ፍልጠት ናይቲ ጎይታና ዝኾነ ኢየሱስ ንዅሉ ነገር ከም ከሳራ እቖጽሮ ኣለኹ"። (ፊሊ.ጺ. 3፡8)።
- ቤተ-ክርስትያን፡ "ቤተ-ክርስትያን፡ ከምቲ ንናይ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሥጋሁ ወደሙ እትህቦ ክብሪ፡ ንመለኮታዊ ጽሑፋት ድማ ወትሩ ምስ ኣኽበረቶ ኢያ" (ቃል ኣምላኽ DV (Dei Verbum). 21)። ክልቲኡ ከአ ንመላእ ክርስትያናዊ ሕይወት ዚምግብን ዚመርሕን ኢዩ። "ቃልካ ንእግረይ መብራህቲ፡ ንመንገደይ ከአ ብርሃን ኢዩ"። (ምዝ. 119፡105፤ ኢሳ 50፡4፤ መዝገበ ሃይማኖት #141)።
- ስለዚ፡ ከምቲ መግቢ ምስ በላዕና እቲ መግቢ ናብ ኩሉ ሰውነትና ብሰራውር ደም ገይሩ ፋሕ ዝብል እሞ ሓይሊ ዝህበና፡ ከምኡ ድማ ንቅዱስ መጽሓፍ ምስ ተመገብናዮ፤ ምስ ኣንበብናዮ ናይ ነፍስና ሓይሊ፤ ሓጎስ፤ ብርሃን ንረክብ።
- መካቲዒ፡ ንቅዱስ መጽሓፍ ንመካቲዒ ኢልና ክንመሃሮን ክነንብቦን የብልናን፡፡
  "ካብ ናይ ዕሽነት ክርክርን ... ታዕታዕታን ባእስን ግና ረሓቕ፤ ከመይ ጥቕሚ ዘይብሉ ኮንቱ ነገር ኢዩ" (ቲቶ 3፡9)

## 8. ቅዱስ መጽሓፍ ክንደይ ጽሑፋት ወይ መጻሕፍቲ ዘጠቃለለ ኢዩ

- ኣብ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ፤ 46 ብሉይ ኪዳን ... 27 ሓድሽ ኪዳን ... 73 መጻሕፍቲ
- ኣብ ኦርቶዶክስ፤ 54 ብሉይ ኪዳን ... 27 ሓድሽ ኪዳን ... 81 መጻሕፍቲ
- ኣብ ፕሮተስታንት፤ 39 ብሉይ ኪዳን ... 27 ሓድሽ ኪዳን ... 66 መጻሕፍቲ

ኣብ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን
ብሉይ ኪዳን (46 መጻሕፍቲ)
መጻሕፍቲ ሙሴ፡ኦሪት (5)፡ ዘፍጥረት፡ ዘጸኣት፡ ዘሌዋውያን፡ ዘሁልቍ፡ ዘዳግም
ታሪኻዊ መጻሕፍቲ (16)፡ እያሱ፡ መሳፍንቲ፡ ሩት፡ 1 ሳሙኤል፡ 2 ሳሙኤል፡ 1 ነገስታት፡ 2 ነገስታት፡ 1 ዜና መዋእል፡ 2 ዜና መዋእል፡ እዝራ፡ ነህምያ፡ ጦቢት፡ ዮዲት፡ ኣስቴር፡ 1 መቃብያውያን፡ 2 መቃቤውያን
መጻሕፍቲ ጥበብ (7)፡ እዮብ፡ መዝሙር ዳዊት፡ ምሳሌ፡ መክብብ፡ መሃልየ መሃልየ፡ ጥበብ ሰሎሞን፡ ሲራክ
መጻሕፍቲ ትንቢት (18)፡ ኢሳይያስ፡ ኤርምያስ፡ ድጉዓ ኤርምያስ፡ ባሮክ፡ ህዝቅኤል፡ ዳንኤል፡ ሆሴእ፡ ዮኤል፡ ኣሞጽ፡ ኣብድያ፡ ዮናስ፡ ሚክያስ፡ ናሆም፡ ኣንባቆም፡ ጸፎንያስ፡ ሃጌ፡ ዘካርያስ፡ ሚልክያስ

ሓድሽ ኪዳን (27 መጻሕፍቲ)
ወንጌላት (4)፡ ማቴዎስ፡ ማርቆስ፡ ሉቃስ፡ ዮሃንስ

ታሪኻዊ መጽሓፍ (1): ግብሪ ሃዋርያት
መልእኽትታት ጳውሎስ (13)፡ ሮሜ፡ 1ይ ቆሮንቶስ፡ 2 ቆሮንቶስ፡ ገላትያ፡ ኤፌሶን፡ ፊልጲ፡ ቆሎሴ፡ 1 ተሰሎንቄ፡ 2 ተሰሎንቄ፡ 1 ጢሞቴዎስ፡ 2 ጢሞቴዎስ፡ ቲቶስ፡ ፊልሞን
እብራውያን (1)
ሓፈሻዊ መልእኽትታት (7)፡ ያዕቆብ፡ 1 ጴጥሮስ፡ 2 ጴጥሮስ፡ 1 ዮሃንስ፡ 2 ዮሃንስ፡ 3 ዮሃንስ፡ ይሁዳ
ትንቢታዊ መጽሓፍ (1)፡ ራእይ ዮሃንስ

ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ትቕበሎም 7 ተወሰኽቲ መጻሕፍቲ ኣብ ናይ ፕሮተስታንት

1. መጽሓፍ ጦቢት (ጦቢት)
2. መጽሓፍ ዮዲት (ዮዲት)
3. መጽሓፍ መቃብያን (1 መቃብያን)
4. መጽሓፍ መቃብያን (2 መቃብያን)
5. መጽሓፍ ጥበብ ሰሎሞን (ሰሎሞን)
6. መጽሓፍ ባሮክ (ባሮክ)
7. ጥበብ ኢያሱ ወዲ ሲራክ (ጥበብ)

ቋንቋ ግሪኽ ስለዝተጻሕፈ ኢዩ ሉተር ዘይተቀበሎም፡ ምኽንያቱ ሉተር ብቋንቋ ዕብራይስጢ ዝተሓትመ መጽሓፍቲ ጥራሕ ይቅበል ስለዝነበረ።

ስለዚ ነዘን መጻሕፍቲ ዘይማለአ ቅዱስ መጽሓፍ ቅድሚ ካልኣይ ቆኖና ዝተሓትመ ኢዩ ወይ ድማ ናይ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ኣይኮነን፡፡

ኦርቶዶክስ ዝቕበልዎም 8 ተወሰኽቲ መጻሕፍቲ ኣብ ናይ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን

1. 3 መቃብያውያን
2. 3 ዕዝራ
3. 4 ዕዝራ
4. ጸሎት ምናሴ
5. መዝሙር 151
6. ኢዮቤል
7. 4 ባሩክ
8. ሄኖክ

## 9. ኣየናይ ሕታም ቅዱስ መጽሓፍ ኢና ክነንብብ ዝግበኣና

- ካልኣይ ቆኖና ብሉይን ሓድሽን ኪዳን ዘጠቓለለ ካብ 2000 ዓ.ም.ድ ንደሓር ዝተሓትመ።
- Holy Bible. New American Bible, Revised Edition (From 1991 - 2023) Approved by the United States Conference of Catholic Bishops (USCCB)
- The African Bible, with the footnotes of USCCB

## 10. መወከሲ ንትምህርቲ ቅዱስ መጽሓፍ

- መሠረታዊ ትምህርቲ ቅዱስ መጽሓፍ ብኣባ ተኽለሚካኤል ተወልደ (2009)፡ ንግቡእ ኣረዳድኣን ኣጠቓቕማን ቃል እግዚአብሄር ዝሓዘ ኢዩ።
- The great Adventure: A Journey through the Bible. Jeff Cavins, Sarah Christmayer, & Dir. Tim Gray. Ascension Press, 2006. (Book and Website with many helpful Videos)
- መዝገበ ሃይማኖት፡ ትምህርቲ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ... ብካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ዝተሓትመ (2007)

## 11. ካቶሊካዊ መሪሕ ንባብ (the Principle of the Bible reading)

- አብ መላእ ቅዱስ መጽሓፍ ንዘሎ ትሕዝቶን ሓድነትን አብ ክርስቶስ ብምምእካልን ብምስትውዓልን ነንብቦ። ሓድነት ናይ ብሉይ ኪዳንን ሓድሽ ኪዳንን አብ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዘማእከለ ክኸውን አለዎ።
- ንቅዱስ መጽሓፍ ብመንጽር'ቲ ናይ መላእ ቤተ-ክርስትያን ሕያው ትውፊት ብምስትውዓል ነንብቦ። ኣነን መጽሓፈይን ኢልና ንቅዱስ መጽሓፍ ካብ ትውፊት ፈሊና ክንርድኦ የብልናን።
- ኣብቲ መላእ መደብ-ግልጸት ንዘሎ ናይ እምነት ሓቅታት፡ አብ ንሓድሕዱ ንዘሎ ስኒትን ንጽጽርን ብምኽባር ነንብቦ።